*TIGRIGNA*

**ተወሳኺ**

**ናይ ሲያትል መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ**
**ናይ ህዝቢ ተሳትፎ ኣገባብ(ፕሮቶኮል)**

ኣብ ናይ ሲያትል ኣብያተ ትምህርቲ ነፍስ ወከፍ ቆልዓ ዕውት ኪኸውን/ክትከውን ዕድል ኪወሃቦ/ሃባ ከምዝግባእ እምነትና እዩ። ብተወሳኺ ኣድላይ ዝኾነ ሓገዝ እንድሕር ተዋሂቡ ኩሎም ቆልዑ ዕውት ኪኾኑ ከምዝኽእሉ ንኣምን።

ኣብ ልዕሊ ንቤት ትምህርትና ዘሎና ራእይ ብተወሳኺ፤

- ኩሎም ተመሃሮና ብዝለዓለ ደረጃ ኪዕወቱ፣ ካብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ናብ ኮሌጅ፣ ንስራሕን ንናብራኦምን ድልዋት ኮይኖም ኪምረቑ ዘድልዮም ሓገዝ ኪረኽቡ፤

- ኩሎም ቤት ትምህርቲ ዝለዓለ ብሉጽነት ዘለዎም እዮም።

- ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝርከቡ መራሕትን ሰራሕተኛታትን ንተመሃሮና ብዛዕባ ብሉጽነት ብኣብነት የርእዩ።

- እቲ ኮሚኒቲ ብሓፈሻዊ ንኣብያተ ትምህርትና ብምሕጋዝን ብምሕያልን ይዋሳእ።

ነዚ ራእይና ክንዕወተሉ ከበራትየ ዝኽእል መብዛሕቲኦም እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም እንተተዋሲኣኦም ጥራይ ከምዝኾነ ንርዳእ ኢና። ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት፣ ቤተሰብን ካልኦት ናይ ኮሚኒቲ ኣባላት ምስ ናይ ዲስትሪክት መራሕቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ኩሉ ናይ ዲስትሪክት ክፍሊ ለውጢ ከምጽኡ ብዛዕባ ዝኽእሉ ጉዳያት ኪዘራረቡ ዘኽእሉ ዕድላት ኪመሓየሹን ኪበዝሑን ብትግሃት ይዓይ። ንኹሉ ብሉጽነት ዝተባህለ ስትራተጂክ ፕላንና ኣብ ግብሪ ኣብ ነውዕለሉ እዋን፡ እቲ ዲስትሪክት መኣስን ከመይን ነቲ ኮሚኒቲ ብዛዕባ እቲ ዝተገብረ ዕቤት ንምፍላጥን ኣብ ውሳኔ ኣወሃህባ ድማ እቶም ዝምልከቶም ከመይን መኣስን ከምዝሳተፉ ብዛዕባ ዝምልከት ግሉጽ ዝኾነ ኣሰራርሓ ኪህልወና ንደሊ ኢና።

"ብሉጽነት ንኹሉ" ዝተባህለ መደብና ናይ ተመሃሮ ዕዮታት ንምምሕይያሽ ግሉጽ ዝኾኑ ሓሙሽተ ዕላማታት ሓንጺጹ እዩ። ከምኡ ድማ ነዚ ዕላማና ክንዕወት ይጠቕመና እዩ ኢልና ኣቕልቦ ንህቦም ሓሙሽተ መምርሒታት ኣሎና።

1. ኣካዳሚ — ኣብ ነፍስ ወከፍ ክፍሊ ብሉጽነት ኪህልው ምርግጋጽ
2. ናይ ሰራሕተኛታት ምሕደራ — ኣብ ኩሉ ኣሰራርሓ ንዝርከቡ መራሕቲ ምሕያል
3. ተቋማት — ናይ ቴክኖሎጂ ኣሰራርሓ፣ቁጠባን ኪዓይ ዚኽእል መዋቕር ምህናጽ
4. ናይ ዕዮ ኣመራርሓ — መዕየይታት ኣሰራርሓን ምፍጣርን ብሉጽ ንዝኾነ ዕዮ ድማ እቲ ዝግባእ ዓስቢ ዝህብ ባህሊ ምፍጣር
5. እቶም ጉዳይ ዝምልከቶም ምስታፍ — እቶም ቀንዲ ምስ ዝኾኑ መተዓየይትና ምዝርራብን ኣብኩሉ ደረጃታት ኪሳተፉ ምግባር

"ብሉጽነት ንኹሉ" ንዝብል ኣብ ኩሎም እዞም ዝተጸብጸቡ ጉዳያት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝዓዩ ናይ ፕሮጀክት ጉጅለታት እቶም ዝምልከቶም ኪሳተፉሉ ዝኽእሉ ንነፍሲ ወከፍ ፕሮጀክት ግቡእ ዝኾነ ፕላን ኪሕንጽጹ እዮም። ነዚ ጉዕዞ ንምምራሕ ብክፋል ናይ ዓለም ለኻዊ ሕብረት ንህዝባዊ ተሳትፎ ብዘዳለዎ መጠን እቲ ህዝቢ ኪዋሳኣሉ ዚከኣል ኣገባብ፡ ኣዳሊና ኣሎና።

# *<u>TIGRIGNA</u>*

**ህዝቢ ንምስታፍ ዘኽእል ዓለም ለኻዊ ሕብረት**

| | **ምፍላጥ** | **ምምኻር** | **ምስታፍ** | **ምትሕብባር** | **ምሕያል** |
|---|---|---|---|---|---|
| **ናይ ምስታፍ ዕላማ** | ሰባት፣ ጸገማትን፣ ኣማራጽታትን ፣ዕድላትን/ወይ ድማ ፍታሓትን ኪርድኦም ሚዛናዊን ጭቡጥን ዝኾነ ሓበሬታ ምቕራብ | ትንተናታት፣ ኣማራጽታትን/ወይ ውሳኔታት ብዝምልከት ርእይቶታት ምቕባል | ዘተሓሳስቡ ጉዳያትን ባህግታትን ብቀጻልነት ርድኢትን ተቐባልነት ምርካቦም ንምርግጋጽ ኣብቲ መስርሕ ምስቲ ህዝቢ ብቐጥታ ምስራሕ | ኣብ ነፍስ ወከፍ ናይ ውሳነ ኣወሃህባ ኣማራጽታትን ፍታሓትን ኣብ ምድላይ ምስቲ ህዝቢ ብሓባር ምዕያይ | እቲ ናይ መወዳእታ ውሳነ ብህዝቢ ኪኸውን ምግባር |
| **ጉዳዩ ንዝምልከቶም ዝተዋህበ ተስፋታት** | ኣብ እዋኑ ከነፍልጠኩም ኢና | በብእዋኑ ከነፍልጠኩም ኢና፤ ክንሰምዓኩም ኢና፣ ዘተሓሳስበኩምን ባህግታትኩምን ኣብ ግምት ከነእትው ኢና፣ ናይ ህዝቢ ምስታፍውን ኣብ ውሳነታት ብኸመይ ጽልዋ ከምዘምጽኡ መልሲ ንህብ | እቲ ህዝቢ ዘተሓሳስቦን ባህግታቱን ብዝምልከት ኣማራጽታት ኣብዝደልዩሉ እዋን ኣብ ግምት ከምዝኣተውን ናይ ህዝቢ ምስታፍ ድማ ኣብ ውሳነታት ጽልዋ ከምዘምጽአ መልሲ ከምዝተዋህብ ንምርግጋጽ ንጽዕር | ፍታሓት ኣብ ምርካብ ናይ ህዝቢ ምኽሪ ንሓትት፡ ነቶም ምኽርታትን ዝተዋህቡ ሓሳባትን ብዝተኻእለ መጠን ውሳነ ንምሃብ ንጥቀመሉ | እቲ ህዝቢ ዝውስኖ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ኢና። |
| **ኪዕየየሎም ዝኽእሉ መሳርሕታት** | - ጭብጥታት<br>- ዌብሳይታት<br>- ናይ መፋለጢ ዕለታት (ኦፕን ሃውስ) | - ናይ ህዝቢ ኣኼባታት<br>- መሕተትታት/መጽናዕቲ | - ዎርክሾፕ<br>- ናይ ህዝቢ ርእቶ ንምፍላጥ ምሕታት | - ዘማኽሩ ኮሚቴታት<br>- ናይ ሓባር ውሳነታት | - ብጽምጺ ኪውሰን ምግባር |

*1 ኣብ ነፍስ ወከፍ ናይ ምስታፍ ደረጃ ዝርከቡ ዝርዝር መሳርሕታትን ቴክኒካት ምሳለታት ካብዚ ቀጺሉ ይርከብ።*

*TIGRIGNA*

**ኣብ ኩሉ ናይ ስትራተጂክ ፕላን ንምስታፍ ኣሰራርሓና**
**ንኹሉ ቀንዲ ዝኾኑ ፕሮጀክትታት ናይ ሲያትል መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ንዝምልከቶም ኩሎም ኣረኣእያናን ጉዕዞናን ንምፍላጥ ትግሃት የርእይ እዩ።( ኣብ ላዕሊ ምፍላጥ ኣብዝብል ሪጋ ከምተገልጸ።)**

**ሪሶርስታትና ብዝፈቕዱልና ግዜ ምስቶም ዝምልከቶም ብልዑል ደረጃ ንምስታፍ ክንፍትን ኢና( ምምኽር፣ ምስታፍ፣ ምትሕብባር፣ ምሕያል) ብዛዕሚ ጠቓሚ ኣብዝኾኑን ነቶም ዝምልከቶም ክትንክፉ ዚኽእሉ ፕሮጀክትታት ብዝምልከት ዝያዳ ካብቲ ልሙድ ካብዝኾነ ጻዕርና ጊዜን ሪሶርስን ብዝፈቐዱልና መጠን ሓበሬታታት ከነካፍል ኢና።**

**ካብዚ ቀጺሉ ዘሎ ክፍሊ፡ ኣብዝተፈላለዩ ደረጃታት ዝግበሩ ምስታፋት ንነፍሲ ወከፍ ፕሮጀክት ኪቐርቡ ዚኽእሉ ግቡእ ዝኾነ ናይ ዕዮ ተግባራት ኣብነታት ሒዙ ኣሎ፤**

**ምፍላጥ : ካብዚ ንታሕቲ ተጸብጺቦም ዘለዎ ንጥፈታት ኣብዚ ደረጃታት ኣብዝግበሩ ምስታፋት ኣብ ጥቕሚ ኪውዕሉ ዝኽእሉ ኣብነታት እዮም፤**

*ኣብ ናይ ህዝቢ ዌብሳይት ኪወጽእ ምግባር*
• ናይ ፕሮጀክት ሓፈሻዊ መልክዕ፣ ሸቶታትን፣ ምዕራፋትን ፡ ናይዚ ናይ ስራሕ ውጽኢት ድሌት ዘለዎም ዝምልከቶም ንምብጻሕ ዘኽእሉ ሓበሬታታት ምፍላይ፤
• መብዛሕቲኡ ጊዜ ዝሕተቱ ሕቶታት፡ ሕቶታትን መልስታትን ዝሓዘ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ። ኣቐዲምካ እቶም ሰራሕተኛታት ኪሕተቱ እዮም ኢሎም ንዝሓስብዎም ሕቶታትን ኣብ ጊዜ ምስታፍ ዝተሓተቱን ዝሓዘ ጽሑፍ።
• ኣብ  ናይ ውሳነ ኣወሃህባ፡ ኣገባብ ዝህልው ደረጃታትን እንኮላይ ፡ሓሳብ ንምሃብ ዕድል ዝህቡ ናይ ጊዜ ገደብ ዘለዎም  ብግሉጽ ክሕብር ዝኽእል ናይ ጊዘ ሰሌዳን • ሕቶታትን ርእይቶን ኪህልው ከሎ ክራኸብዎም ዝኽእሉ ሰራሕተኛታት
• ኣብቲ መስርሕ ኣብ ኣእዋኑ እዋናዊ ዝኾኑ ሓበሬታታት ምህላው
• ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ ኣብ ኩሉ ናይ ዲስትሪክት ዝግበሩ ኣኼባታት ሓበሬታ ምህላው
• ተወሳኺ ናይ ምስታፍ ዕድላት ብዝምልከት ሓበሬታ ምህላው

*ሓያሎ ተወሳኺ ናይ መራኸቢ/መዛረቢ መላታት*
• ኣብ ቴሌቪዥን ዝተሓላለፍ ናይ ቦርድ ኣኼባታትን ዝጠቕሙ ማቴሪያላትን ኣብ ዌብሳይት ኪወጽእ ምግባር
• ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ ዝግበሩ ናይ ህዝቢ ኣኼባታት ኪፍለጡ ንምግባር” ኪድ ሜይል” ምጥቃም
• ኣብ ኩሉ ዲስትሪክት ክፍለጡ ዘለዎም ዝጠቕሙ ነገራት ብፖስታ ቤት ጌርካ ምስርጫው
• ምስታፍ ንምብዛሕ ናይ ዲስትሪክት ኣውቶማቲክ መደወሊ መሳርሒ ምጥቃም።
• ንሰራሕተኛታትን፣ ቤተሰባትን ህዝቢ ኣባላት ብኤሌክትሮኒክ ናይ ዜና ጽሑፋት ምልኣኽ፡ ንሳቶም ድማ ብግዲኦም ኣብቲ ዘውጽእዎ ናይ ዜና ጽሑፋትን፣ ኣኼባታትን ካልኦት ልሙድ ዝኾኑ ናይ ጽሑፍን ናይ ቃልን መራከቢታት ብምጥቃም ንኻልኦት ቤተሰብን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላትን ከፍልጡ ምግባር።
  - ንዝተመዝገቡ ኩሎም ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ሰራሕተኛታት፣ወለድን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላትን “ ስኩል ቢት” ዝብል ጽሑፍ ምልኣኽን ኣብ ዌብሳይት ኪወጽእ ምግባር።
  - ክላስሩም ኮኒክሽን ዝተባህለ ንኹሎም መማህራንን ካልኣት ሰራሕተኛታትን ምልኣኽ
  - ፕሪንሲፓል ኮሚኒኬተር ዝተባህለ ንኹሎም ርእሰ ማማህራን ምልኣኽ
• ኣገዳሲ ዝኾኑ ሓበሬታታትን ናይ ህዝቢ ኣኼባታትን ብዜና ምትሕልላፍ
• ኣገዳሲ ዝኾኑ ጽፉሓት ኣብ ናይ ሲያትል ናይ ዜና ዌብሳይት ኪወጹ ምግባርን ንተወሳኺ ሓበሬታ ድማ ምስ ካልኦት ዌብሳይት ኪራኸቡ (ሊንክ) ምግባር።
• ብፍላይ ተመሃሮ ኪዋስኡ ንምግባር ብቴክኖሎጂታት ምጥቃም(ቴክስት ሜሰጅ፣ ዊኪስ ወዘተ …)

*TIGRIGNA*

*ሓሳባት ንምእካብ ዝግበሩ ጻዕርታት*

• ንሓፈሻዊ ሕቶታት ወይ ድማ ርእይቶታት መሃቢ ዝጠቕሙ ናይ ኢሜል ኣድራሻታት (goodnews@seattleschools.org)

• ፕሮጀክት ዝምልከቱ ሓሳባት ንምእካብ ዝተፈልየ ናይ ኢሜል ኣድራሻ ንኣብነት( capacity@seattleschools.org)

• ኣገዳሲ ዝኾኑ ፕሮጀክትታት ብዝምልከት ንሰራሕተኛታት ምድዋልን ደብዳቤታት ምጽሓፍ

*ዝተዋህቡ ርእይቶታት ከምዝበጽሑ ምሕባርን ምጥቃምን*

• ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ እንኮላይ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተዋህቡ ርእይቶታት ወሲኹ ብኸመይ ኩነታት ኣብ ግምት ከምዝኣተወ ንናይ ቤት ትምህርቲ ቦርድ ምሕባር። ኣብ ናይ ቦርድ ኣኼባታት ዝቐረቡ እዋናዊ ሓበሬታታት ኣብ ዌብሳይትን ኣብ ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ቴሌቪዥንን ኪመሓላለፍ ምግባር። እቶም ዝቐረቡ ማቴሪያላት ኣብ ዌብ ሳይት ኪወጹ ምግባር።

*ዕንቅፋታት ክእለዩ ምግባር*

• ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ነገራት ዘድልዮም ተመሃሮን ቤተሰቦንም ንዝረኽቦም ዕንቅፋታት ውሑድ ኪኸውን ይጽዕር። ኣብ ኩሉ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣብ ዝግበረሉ ቦታታት ኣካለ ስንኩላን ንዝኾኑ ከምዝጥዕም ክግበር እዩ። እቲ ዲስትሪክት ምስ ቤተሰብን ሰራሕተኛታትን ብምዃን ኣቐዲሞም ንዝተፈልጡ ዝድለዩ ኣገልግሎታት ኣቐድሚምካ ምድላዋት ይግበር።

• ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ ቋንቋ ተዛረብቲ ቤተሰባትናን ናይ ኮሚኒቲ ኣባላት ንኽሳተፉ ዕንቅፋት ንዝኾኖም ነገር ንምዕላይ ይተግህ። ናይ ሲያትል ቤት ትምህርቲ ንኹሉ ንዝቐርቡ ቀንዲ ሓሳባት ብዝምልከት በብእዋኑ ንዝሕተቱ ሕቶታት ክትርጎም ይገብር ወይ ድማ ዝኾነ ንቤተሰብ ዝለኣኹ ደብዳባታት ቀንዲ ብዝኾኑ ቋንቋታት ተተርጉሞም ንኮሚኒቲ ኣብላትና ኪበጽሕ ይግበር። ኣብ ሰሰለስተ ወርሒ ኣብዝግበር ኣኼባ ኣቐዲምካ ናይ ምትርጓም ኣገልግሎትን ሰነዳት ብምትርጓም ኪፍለጥ ይግበር።

*ንህዝቢ ምብጻሕ*

• ናይ ፕሮጀክት ማናጀራት ምስ ባይሊጓል ቤተሰብን ኮሚኒቲ ተሳተፍቲ ሰራሕተኛ ርክብ ገይሮም ኦፊሴላዊ ዝኾነን ዘይኮነን ናይ ኮሚኒቲ መራከቢ(ኔትዎርክ) ብምፍጣር ዕውት ብዝኾነ ኩነታት ኣብ ኣብያተ ትምህርትና ዝመሃሩ ህዝብታት ምብጻሕ። ነዚ ናይ ህዝቢ ምብጻሕ ጻዕሪ ኣብ ግቡኡ ኪበጽሕ ንምሕጋዝ ሓበሬታታት ኣብ እዋኑ ንምላጥ ክንጽዕር ኢና።

ካብዚ ቀጺሎም ዘለው ኣሰራርሓታት ናይቲ ፕሮጀክት ጥቕሚ ኣብዝዓበየሉ እዋንን ሓበሬታ ካብ ምክፋል ንላዕሊ ኣድላይ ኣብዝኾነሉ እዋን፡ ዘሎ ሪሶርስ ብዝፈቐዶ መጠን እቲ ዲስትሪክት ዘካይዶ ናይ ስራህ ዕዮታ ከም ኣብነት ዝቐረቡ እዮም።

**ምምኻር : ኣብ ላዕሊ ካብተገልጹ ንጥፈታት ኣብዚ ደረጃ ንዝግበሩ ምስታፉት ንምጥቃም ዝኽእሉ ንጥፈታት እዮም። ብተወሳኺ ፡**

*ኣብ ናይ ህዝቢ ዌብሳይት ኪወጹ ምግባር*

• እቲ ጉዳይ ምስዝምልከቶም ጉጅለታትን ኣማኸርቲ ኮሚቴታት ናይ ክልተ ወገን ርክብ ምግባርን ኪምዝገብ ምግባርን

*ዝተፈላለየ ዓይነት ርክብ*

• ንህዝቢ ኣብ ኣኼባ ንምስታፍን ብጣዕሚ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታን ንምልውዋጥ "ኪድ ሜይል" ከምኡውን ብደብዳቤታትን ፓስት ካርድን ብቐጥታ ርክብ ምግባር።

• ተሳትፎ ኪውስኽ ንምግባር ብናይ ዲስትሪክ ናይ ኣውቶማቲክ ቴሌፎን መደወሊ ምጥቃም

<u>*TIGRIGNA*</u>

*ግብረ መልሲ(ፊድባክ) ንምእካብ ዝግበሩ ጻዕርታት*

• ትንተናታት፣ኣማራጽታትን ውሳነታትን ብዝምልከትን ክፉት ንዝኾኑ ሕቶታት ብዝምልከት ዘተሓሳስቡ ጉዳያትን ባህግታትን ብዝምልከት ናይ ህዝቢ ርእይቶ ምእካብ
• ናይ ህዝቢ ኣኼባታት/መደባት/ናይ ጉጅለ ምይይጥ/ ዝተፈላለዩ ርእይቶታት ዝውክሉ ፍጻሜታት ብማዕርነት ኪውክሉ ምግባር
• ኣብ ናይ ረዲዮን ቴሌቪዥንን መድረኻት ብምስታፍ ሓበሬታታት ምክፉልን ካብ ኮሚኒቲ ኣባላት ምስማዕን
• ብዌብሳይት ሓሳብ ምልውዋጥ

*ዝተዋህቡ ግብረ መልስታት ምብጽሓምን ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ምሕባር*

• ሱፐርኢንተዳንት ንቤት ትምህርቲ ቦርድ ተቕርቦ እዋናዊ ሓበሬታታት ብጽሑፍ ኪቐርብ ምግባር

**ምስታፍ፥ : ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ኩሎም ንጥፈታት ኣብዚ ደረጃ ንዝግበሩ ተሳትፎታት ኪዕየየሎም ዚኽእሉ ንጥፈታት እዮም። ብተወሳኺ፥**

*ኣብ ናይ ህዝቢ ዌብሳይት ኪወጽእ ምግባር*

• ውሳነ ቅድሚ ምውሃቡ ካብ ህዝቢ ዝቐረቡ ግብረ መልስታት ምጽሓፍን ብምንታይ መልክዕ ኣብ ግምት ከምዝኣተወ ንዝተዋህበ መልሲ ኪፍለጥ ምግባር
• ሓሳባትን/ወይ ውሳነታት ዝህቡ ናይ ኮሚቴ ኣባላት ኣስማት፣ ጽሕፈት ቤትን ናይ መራኸቢ ሓበሬታታት ድልው ኪኸውን ምግባር

*ግብረ መልሲ ንምርካብ ዝግበር ጻዕርታት*

• ብዘይቆጸራ ዝግበሩ ኣኼባታት/ ምስቶም ውሳነ ዝህቡ ዝተገብሩ ነዊሕ እዋን ዝወሰዱ ዝርርባት ናብ ውሳነ ቅድሚ ምብጽሖም ዎርክሾፕ ምግባር
• ምስቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ናይ ትኩረት ጉጅለታት ክህልው ምግባር

*እቶም ዝተዋህቡ ግብረ መልስታት ምብጽሖምን ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ምሕባር*

• ነቶም ዝቐረቡ ሓሳባትን ነቲ ዝቐረቡ ሓሳባት ዝተዋሃቦም ግብረ መልሲ ልዕል ብዝበለ ኩነታት ጽሚቕ ሓሳብ ምቕራብ

**ምትሕብባር : ኣብ ላዕሊ ዝተገልጹ ንጥፈታት ኣብዚ ደረጃ ንዝግበሩ ንጥፈታት ኪውዕሉ ይኽእሉ እዮም። ብተወሳኺ፥**

*ግብረ መልስታት ንምእካብ ዝግበሩ ጻዕርታት*

• ውሳነታትን ሓሳባትን ኣብ ዝህቡ ኮሚቴታት ናይ ህዝቢ ኣባላት ኪህልው ምግባር
• ኣብ መንጐ ዲስትሪክት ሰራሕተኛታትን ጉዳዩ ምስዝምልከቶምን ንውሳነታትን ኣብ ግብሪ ድማ ንምውዓል ናይ ሓጋባ ሓላፍነት ምህላው
• ፍጻሜታትን ሓሳባትን እቲ ጉዳይ ምስዝምልከቶም ብሓባር ምሕንጻጽን/ ወይ ምድላውን

*እቶም ዝተዋህቡ ግብረ መልስታት ምብጽሖምን ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ምሕባር*

• ዝቐረቡ ሓሳባትን ውሳኔታትን ብኸመይ ኣብ ግብሪ ከምዝውዕሉ ዝርዝር ዝኾነ ጽሚቕ ምሃብ